# ምድሓን ሃገር! መተካእታ ዘይብሉ ናይ ቃልሲ ጸዋዒት፡

ሃገርና፡ ብናህሪን ቀጻልን ማእለያ ዘይብሉ ዕንወትን ብርሰትን ይወርዳ ኣሎ። ኤርትራዊ ሓበንን ንያትን ብሕሱም ክዳሃኽ ስለዝጸንሐን ዘሎን፡ ዜጋታታ ነታ ናይ ኣማኢት ኣሻሓት ከፊሉ ናጽነታ ዝተጋገጸላ ሃገሩ ራሕሪሑ ኣብ ምብትታትን ይርከብ። ኤርትራ፡ ብዘይ ህዝባ፡ ህዝባ ብዘይ ሃገረ ኤርትራ ክብራዊ መንነት ክህልዎም ኣይክእልን። እዚ ክኸውን ዝኸኣለ፡ ውጽኢት ናይ ነዊሕ ዓመታት እከይ ምሕደራ ስርዓት ውልቀ-መላኺ ምዃኑ፡ ልዕሊ ኩሉ እዋን ብሩህ ኮይኑ ይርከብ።

ሃገርና ኤርትራ፡ ናይ ልዕላውነት ክብራ ክተረጋግጽን ህዝባ ንቡር ናይ ዜጋ ክብሪ ክረክብን፡ ንናይ ጥፍኣትን ብርሰትን ዓቲብና ክንምክቶ፡ ኩሉ ዓቕምታትና ከነወሃህዶ ግድነት ይኾነና። ግድነትና ስለዝኾነ ከኣ እዋናዊ ብደሆና፡ ቅድም ድሕነት ሃገር ክኸውን ይግባእ።

ንዓቕምታትና ኣወሃሂድና ምስራሕ ካልእ ምርጫ ኣይህሉን። ሞራልን ንያትን ህዝብና ሓፍ ክብልን፡ ክብሪ ሃገራዊ መንነት ንቡር ቦትኡ ክሕዝን፡ ክትግበርን ክዕመምን ዝኽእል ንጹር ራእይ፡ ቅኑዕ ተልእኾን ስትራተጅን መሚና፡ ኣብ ስራሕ ክንጸምድ ጵባሕ ዝባህሎ ኣይኮነን። በዚ ተረድኦምን እምነትን`ዚ፡ ሰለስተ ህዝባውያን ፖለቲካዉያን ምንቅስቓሳት፡ ኣብ`ዞም ስዒቦም ዝቐረቡ ሰለሰተ መሰረታውያን ነጥብታት ምርኩስ ብምግባር ብሓባር ክንሰርሕ ተሳማሚዕና።

1. ልኡላውነትን መሬታዊ ሓድነትን ህዝቢ ኤርትራ ክግሃስ ዘይብሉ ምዃኑን- ህዝቢ ኤርትራ ናይ መጻኢ ዕድሉ ባዕሉ ዝውስን ምንጪ ናይ ስልጣንን እዩ ኢልና ንኣምን።
2. ህዝቢ ኤርትራ መባእታዊ ሰብኣዊ መሰላቱ ክቡር ክኸውን፣ ህዝባዊትን ዲሞክራሲያዊትን ኤርትራ ክሃንጽ ምሉእ ስልጣን ዝውንን ምዃኑ፣ ከም ዜጋ፡ ዲሞክራሲያዊ መሰሉ ተጠቒሙ፡ ክዛረብ፡ ክጽሕፍ፡ ክእከብን ክውደብን፣ መንግስቱ ከቖውም ወይ ክቕይር፡ ዘይግሃስ ዜጋዊ ዲሞክራሲያዊ መሰሉ ምዃኑ ብጽኑዕ ምእማን።
3. ብዙሕነት፡ ተሓታትነት፡ ግሉጽነትን፡ ሓድሕድ ምክብባርን፡ ከም ባህሊ ምኽባርን ምትግባርን።

እዚ ስምምዕ`ዚ ነዘን ዝተሰማማዓ፡ ሰለስተ ህዝባውያን ምንቅስቓሳት ጥራሕ ዝምልከት ኣይኮነን። የግዳስ፡ ብመሰረት እዞም ሰለስተ ንሕመረት ክብርታት ሃገርና ዝገልጹ መሰረታውያን ነጥብታት፡ ምስ ኩሎም ህዝባውያን ፖለቲካውያን ምንቅስቓሳት፡ ጵዑቕ ርክብን ዘተን ከነተግብር መትከላዊ እምነትና`ዩ። ሓቂ`ዩ፡ ንስርዓት ኣስመራ ንምስዓር፡ ብዙሕ ኣገባብን መገድን ክህሉ ይኽእል እዩ። ንኹሎም እቶም መገድታት ከከም ኩነታቱን መደረኹን ክብርታቶም ዕዙዝ ምዃኑ ንርዳእ። ኣብ`ዚ ሃገር ንምድሓን ዝጠልበ ዘሎ ህሞት፡ ኩላትና ሃገራውያን ሓይልታት እንርዕሞ ተግባራውን ኣድማዕን ናይ ቃልሲ ኣገባብ ምኽታል`ዩ።

1. ዓለም ለኻዊ ሓድነት ኤርትራውያን ንሃገራዊ ዘተ፡
2. ህዝባዊ ምልዕዓል ኤርትራውያን ንፍትሒ
3. ሓድነት ብብዙሕነት (ኣወስትራልያ)